# ኤርትራዊ ማሕበር መንእሰያት

## ኣብ ሃገረ ጀርመን

## ERITREISCHE JUGEND VEREINIGUNG

# ጻውዒት ንኹሉ

ብሰንኪ ዝተፈላለየ መግዛእትታት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዙ ዕረፍቲ ብዘይብሉ ዋሕዚ ዝፈትዋ ሃገሩን ዘፍቅሮም ቤተ-ሰቡን ራሕሪሑ ኣደዳ ስደትን ኲለ-ሸነኻዊ ሳዕቤናቱን ኰይኑ ከምዝነበረን ጌናዉውን ዘሎን ኣይትተዓደሎ ዘብል እዩ።

ካብ ዝሓለፉ ናይ ስደት ዓይነታት ናይ ዘለናሉ / ድሕሪ ሃገራዊ ነጻነት/ ስደት ብክልተ ዓበይቲ ነገራት ፍልይ ይብል፤

1 - ምምሕዳር ሃገርና ብመንን ከመይን ( ገዛኢና መን'ዩ ? ) ጠንቂ ስደት፣
2 - ዓይነት ተሰዳዲ ( ኣደዳ ስደት ዝኸውን ዘሎ ኣካል )

- ምምሕዳር ሃገርና / ዓይነት ህልዊ ገዛኢና ወይዉውን ጠንቂ ስደትና መንዩ ንዝብል ሕቶ ኩሉ ኤርትራዊ ዝምልሶ ክኸውን እንከሎ፣
- ዓይነትን መንነትን ናይቲ ዝሰደድ ዘሎ ድማ እቲ ኣብ ሃገር ኣፍራይ ኰይኑ ኣብ ምህናጽ ሃገሩን ምእላይ ህዝቡን ዓቢ ግደ ክጻወት ዝነበሮ ተስፋ ሃገር ዝኾነ መንእሰይ ምዃኑ ከይተንከፍናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ ዓለም'ውን ዝምስክሮ ዘሎ መሪር ሓቂ እዩ።

ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ነቶም 300 ዝኾኑ ኣብ ጨካን ቤት-ማእሰርቲ ሊብያ ተዳጒኖም ንኤርትራ ክባረሩ ተዳልዮም ዘለዉ ኣሕዋትና ብፍላይ፣ ብሓፈሻ ድማ ንመላእ ህዝብና ካብ ዘለዎ ከርፋሕ፣ ናይ ወጽዓን ዓመጽን ናብራ ንምንጋፍ ጥርዓና ብመገዲ ቤት-ጽሕፈት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም፣ ንማሕበረሰብ ዓለም ንምስማዕ **ንሓሙስ ዕለት 05.10.2006 ዓ.ም.** ሰላማዊ ሰልፊ ክንገብር መዲብና ስለዘለና ኩሉኹም መንእሰያትን ግዱሳት ኤርትራውያንን ተቓወምቲ ውድባትን ነዚ፣ ብዕግበትና ኣገዳሲ ሰልፊዚ ኣድማዒ ንምግባር ኩለ-መዳያዊ ምትሕብባር ክትገብሩን ምሳና ሓቢርኩም ክትውዕሉን ኣጥቢቕና ንምሕጸንን ንጽውዕን !!!

ቦታን ሰዓታትን ኣገባብን ብቐጻሊ ክንሕብር ኢና።

ምስ ሰናይ ትምኒት !!

ኣሕዋትኩምን ኣኽበርትኹምን
ሽማግለ ተበግሶ ምቛም ማሕበር መንእሰያት ኣብ ጀርመን